C✺VID-19

# መምርሒታት ንኣብ ገዛኻ ኮንካ ዝግበር ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራ

ቢዲ ቨሪቶርTM

BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority

## ቅድሚ ምጅማርካ

- ነዚ ናይ መርመራ መሳርሒታት ኣብ ምቹእ/ማእከላይ ወይ ኣብ ሞንጎ 2$^{0}$ሰግ - 30$^{0}$ሰግ ዝኸውን ዓቐን ናይ ሙቐት ኣብ ዘለዎ ቦታ ዓቅቦ (ኣብ ፍሪዘር **ኣይትግበሮ፡** ካብ ናይ ቀጥታ ናይ ጸሓይ ብርሃን እለዮ፡ ኣብ መኪና **ኣይትግደፎ**)።
- እንተ ፈሰሰካ ብቐሊሉ ከተጽርዮ ዘኽእለካ ጽሩይን ሰጥ ዝበለን (ካብ ዝብላዕን ዝስተን ጋሕመጥን ነጻ ዝኾነ) ቦታ ርኸብ ።
- ኣብ ግዜ መርመራ ኣይትብላዕ፡ ኣይትስተ፡ ኣይተትክኽ፡ ቬፕ ኣይትግበር፡ ኮንታክት ሌንስ ኣይትግበር፡ ሜክኣፕ ኣይትግበር ወይ ገጽካ ኣይትተንክፍ።
- እዚ መርመራ እዚ ንርእሰ-መርመራ ክትጥቀመሉ እዩ ተዳልዩ።
- ናይ ኣፍንጫ መድመይቲ እንተ'ልዩካ ነዚ መርመራ እዚ ኣይትጠቐም።

## ምንጭታት

ንዝያዳ ሓበሬታ ናይ ቅልጡፍ መርመራ ንምርካብ፡ ትርጉማት ናይዚ መምርሒን እቲ መርመራ ዝግበረሉ ኣገባብ ዝሕብሩ ቪድዮታትን ንምርካብ ነዚ ኪው ኣር ኮድ ወይ ነዚ ሊንክ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም: **bccdc.ca/covid19rapidtesting**

- 繁體中文
- 简体中文
- ਪੰਜਾਬੀ
- Việt Ngữ
- español
- ትግርኛ
- français
- 한국어
- عربي
- فارسی
- 

## ናይ መርመራኻ ልክዕነት ምርዳእ

እዚ ቢዲ ቨሪቶር™ ቅልጡፍ ናይ ኣንትጅን መርመራ ኮቪድ-19 ፖዝቲቭ ምኺንካ (ከምዝሓመምካ) **ድሕሪ መልከፍቲ ኣብ ውሽጢ 3-5 መዓልትታት** ነቲ ሕማም ክለልዮ ይኽእል እዩ። ሓደ ዝተለኽፈ ሰብ ሓሚሙ ክንሱ እቲ ሕማም ግን እቲ መልከፍቲ ኣብ ኣካላቱ ብዙሕ ክነጥፍ እንተዘይጸኒሑ (ቅድሚ 3 መዓልትታት) ነጋቲቭ ውጽኢት ክህልዎ ይኽእል እዩ። ከምዚ እንተኾይኑ፡ በዚ ቅልጡፍ መርመራ ንኽፍለጥ/ንኽልለ ዘኽእሉ እኹል ኣንቲጅን የለን ማለት እዩ።

ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራ ናይ ሓንቲ ውስንቲ ህሞት (ግዜ) ውጽኢት ጥራሕ እዩ ዝህበካ። ነጋቲቭ ውጽኢት ስለ ዝረኸበ ሓደ ሰብ ንኻልኦት ከም ዘይሕልፈሎም ርግጸኛታት ኣይገብረናን እዩ። ኣብዚ ሓጺር ግዜ ንኮቪድ-19 ተቓሊዕካ እንተ ኔርካ፡ ሓንሳብ እቲ ብዝሒ ናይቶም ኣብ ኣካላትካ ዘለዉ ኣንቲጅን ብመርመራ ክርከቡ ኣብ ዝከኣለሉ ዓቐን ምስ በጽሑ ፖዝቲቭ ውጽኢት ክህልወካ ይኽእል እዩ።

## መምርሒታት

**1** ፈጥ ብምባል ኣፍንጫኻ ኣጽሪ'ሞ ነቲ ሶፍቲ ጎሓፎ። ኣእዳውካ ብሳምና ተሓጸብ።





**2** ናይ መርመራ ናውቲ ኣክቦ:

- ቢዲ ቨሪቶርTM ናይ መርመራ ናውቲ ከረጺት:

  1x ናይ መርመራ መሳርሒ


  1x ዝመኸነ ስዋብ


  1x ፈሳሲ ዝሓዘ ብጨ መኽደን ዘለዎ ናይ መርመራ ትቦ

  1x ናይ መርመራ ትቦ መትሓዚ

- መቑጸሪ ሰዓት (ታይመር)
- መትሓዚ ጎሓፍ
- ንእሽተይ ብኬሪ ወይ ኩባያ (ከም ምርጫኻ)

ቢዲ ቨሪቶርTM ናይ መርመራ ናውቲ ከረጺት ነዚ የጠቓልል




C●VID-19

# መምርሒታት ንኣብ ገዛኻ ኮንካ ዝግበር ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራ


ቢዲ ቨሪቶርTM

BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority

**3** ነቲ ብጫ መኽደኒ ዘለዎ ናይ መርመራ ትቦ ብጥንቃቐ ክፈቶ።





**4** ነቲ ዝተመልአ ናይ መርመራ ትቦ  ኣብቲ ተዳልዩ ዘሎ መቐመጢ ናይቲ ትቦ ወይ ኣብ ጽሩይ ብኬሪ ወይ ኩባያ ግበሮ።




**5** ካብ ኣፍንጫኻ እቲ መርኣዪ/ሳምፕል ውሰድ:

1. ነቲ ስዋብ ካብቲ መሸፈኒኡ ኣውጽኣዮ በቲ ጎማ ክፋሉ ጥራሕ ተንክፎ።
2. ንርእስኻ ንድሕሪት ኣቕንን ኣብሎ።
3. ነቲ ጡጥ ዘለዎ ጫፍ ናይቲ ስዋብ ኣብ ሓንቲኤን ከፋት ናይ ኣፍንጫኻ ትኽ ኣቢልካ ንድሕሪት (ንላዕሊ ዘይኮነ) ን2.5ሰሜ (1 ኢንች) ኣእትዎ።
4. ነቲ ስዋብ ናብቲ ውሽጢ ናይ ኣፍንጫኻ ኣጸግዓዮ። ኣፍኩስ ኣቢልካ  5 ሳዕ ኣዅልሎ/ኣዙሮ.።
5. በቲ ዝተጠቐምካሉ ስዋብ ጌርካ ኣብታ ሓንቲ ከፋት ናይ ኣፍንጫኻ ደጊምካ ከምኡ ግበር።.
6. እቲ ስዋብ ደም እንተ ተጸይቑ ንመርመራ ኣይትጠቐመሉ። ፈጥ ድሕሪ ምባልካ ሓድሽ ስዋብ ተጠቐም። ናይ ኣፍንጫ መድመይቲ እንተ ኔሩካ መርመራ ቅድሚ ምግባርካ ን24 ሰዓታት ተጸበ።







# COVID-19

## መምርሒታት ንኣብ ገዛኻ ኮንካ ዝግበር ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራ


ቢዲ ቨሪቶርTM

**6** ነቲ ጡጥ ዘለዎ ጫፍ ናይቲ ስዋብ ኣብቲ ናይ መርመራ ትቦ ኣፍኵስ ኣቢልካ ኣእትዎ:




1. **ን15 ካልኢታት** ነቲ ስዋብ ኣብቲ ፈሳሲ ኣጥልቕ ኣጥልቕ ኣብሎ።
2. እቲ ስዋብ ኣብ ውሽጢ እንከሎ ነቲ መመርመሪ ትቦ በጻብዕካ እንዳ ጸቐጥካ ነቲ ዝተረፈ ፈሳሲ ካብቲ ጫፍ ናይቲ ስዋብ ኣውጽኣዮ ።
3. ነቲ ስዋብ ካብቲ ናይ መርመራ ትቦ ኣውጺእካ ኣብ ጎሓፍ ኣእትዎ።
4. ነቲ ምስቲ ትቦ ለጊቡ ዘሎ ፐላስቲክ መኽደኒ ናብቲ ትቦ ኣግጢምካ ዕጸዎ፡ ቃዕ ዝብል ህስስ ዘበለ ድምጺ ክትሰምዕ ኣለካ።
5. ነቲ ፈሳሲ ንኽትሓዋወስ ምእንቲ ነቲ ትቦ ቀስ ጌርካ ብጎድኑ ሓንሳብ ትንክፍ ትንክፍ ኣብሎ።


**7** ነቲ ናይ መርመራ መሳርሒ ከፊትካ ኣብ ሰጥ ዝበለ ቦታ (ከም ጣውላ) ኣንብሮ።




**8** ናብቲ ናይ ሳምፐል/መርኣዪ መቐበሊ ርቡዕ ኩርናዕ ኣብ ዘለዎ ክፋል ናይቲ ናይ መርመራ መሳርሒ ቀስ ጌርካ ብምጽቃጥ 3 ንጣባት ኣብኡ ኣእቱ።



**9** ውጽኢትካ ንምርካብ ሰዓትካ ን15 ደቓይቕ ምልኣያ። ኣብዚ ግዜዚ ነቲ ናይ መርመራ መሳርሒ ኣይተንቀሳቕሶ። ድሕሪ 20 ደቓይቕ ዘለዉ ንባባት ትኽክል ከይኮኑ ይኽእሉ እዮም።



**10** ኩሉ ዝተመርመርካሉ ናውቲ ናብ ጎሓፍ ኣእትዎ።



**11** ኣእዳውካ ተሓጸብ።



COVID-19

# መምርሒታት ንኣብ ገዛኻ ኮንካ ዝግበር ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራ

ቢዲ ቨሪቶርTM

BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority


## ውጽኢትካ ብኸመይ ከም ተንብቦ

ኣየነይቲ መስመር እያ ኣቐዲማ ተረእያ ወይ እተን መስመራት ክሳብ ክንደይ ሃሲሰን ይረኣያ ኣለዋ ኣገዳሲ ኣይኮነን። እተን መስመራት ሮዛ ወይ ቀይሕ እየን ዝኾና።

**ውጽኢትካ ፖዝቲቭ ይኹን ነጋቲቭ ብዘየገድስ ሕክምና ዘድልየካ ኮይኑ እንተ ተሰሚዑካ ናይ ሕክምና ረድኤት ሕተት።**

### ኣሉታ/ነጋቲቭ ውጽኢት

እታ መቆጻጸሪት ኣብ ፊደል (C) ዘላ መስመር ጥራሕ እያ ትቕልቀል/ ትርአ





*ውጽኢትካ ኣሉታ/ነጋቲቭ እንተ ኾይኑ ኮቪድ-19 ኣይተራእየን ማለት እዩ። ኮቪድ-19 ክህልወካ ግን ጌና ተኽእሎ ኣሎ።*

*ምልክታት ናይ ሕማምካ ተመሓይሹ ደሓን ተሰሚዑካ ናብ ንቡር ንጥፈታትካ ክሳብ ትምለስ ርእሰ ግለላ ግበር። ብህዝባዊ ጥዕና ርእሰ ግለላ ንኽትገብር ተሓቢርካ እንተ ኮንካ፡ ነጋቲቭ ናይ መርመራ ውጽኢት እውን እንተልዩካ ርእሰ-ግለላ ምግባርካ ቀጽል።*

### ኣዎንታ/ፖዝቲቭ ውጽኢት

*ክልቲኤን እታ (C) ኣብ ትብል ፊደል ዘላ መቆጻጸሪት መስመርን እታ (T) ኣብ ትብል ናይ መርመራ መስመርን ይቕልቀላ/ ይረኣያ*




ኣዎንታ/ፖዝቲቭ ውጽኢት ማለት ኮቪድ-19 ዘለካ እዩ ዝመስል ማለት እዩ፡ ንኻልኦት እውን ከተሕልፈሎም ትኽእል ኢኻ።

ካብ ናይ መድሃኒት ሓገዝ ክትጥቀም ትኽእል ከይትኸውን ኣብዚ **gov.bc.ca/covidtreatments** ዝብል ሊንክ ተወከስ ወይ ናብዚ ቁጽሪ **1-888-268-4319** ደውል


*ርእሰ- ግለላ ክትገብር ከድልየካ እዩ። ብዛዕባ ዝቕጽል ስጉምትታታ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ሊንክ እዚ* **bccdc.ca/ifyouhavecovid** *ርአ።*

### ዘይብቑዕ ውጽኢት


*ናይ መርመራ ውጽኢትካ ዘይብቑዕ እንተኾይኑ፡ ኩሉ እቲ ነዚ ቀዳማይ መርመራ ዝተጠቀምካሉ ናውቲ ጎሓፎ። ኣእዳውካ ድሕሪ ምሕጻብካ ነቲ ካልኣይ ቅያር ናውቲ ተጠቂምካ ነቲ መስርሕ ድገሞ። ነቲ ናይ መርመራ መምርሒ ደጊምካ ሰዓቦ።*

*ክልተ ግዜ ዘይብቑዕ ናይ መርመራ ውጽኢት እንተ ረኺብካ፡ ኣብ ናይ ኮቪድ-19 መመርመሪ ማእከል ብምኻድ ተመርመር።*


*ናይ መርመራ ማእከል/ቦታ ንምርካብ ኣብዚ ሊንክ ርአ ፡*
**healthlinkbc.ca/covid19test**





እታ ናይ መርመራ መስመር ጥራሕ ተራእያ ኣላ





እታ ናይ መቆጻጸሪት መስመርን ኣብ ካልእ ዘይንጹር ቦታን ተራእየን ኣለዋ




እታ ናይ መርመራ መስመርን ኣብ ካልእ ዘይንጹር ቦታን ተራእየን ኣለዋ




ኣብ ካልእ ዘይንጹር ቦታ ጥራሕ መስመር ተራእዩ




3 መስመራት




ምንም መስመር የለን